# ሰንበት ዘኒቆዲሞስ

## መጋቢት 28 2017 ዓ.ም. (April 6 2025)።

## ንሓቂ ንብርሃን ተቐቢልካ ምኽኣል።

መዝሙር፡ ሖረ ኀቤሁ ዘስሙ ኒቆዲሞስ ወይቤሎ ለኢየሱስ...ኒቆዲሞስ ዝስሙ ናብ ኢየሱስ ከደ ረቢ ሊቅ ንስኻ መምህር ኮንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንሕና ብኣኻ ንኣምን ኢና ከም ወዲ ኣምበሳ በጥ ኢልካ ደቂስካ ብትንሣኤኻ ኣተንስኣኒ።

ንባባት: ሮሜ 7፡1-14፥ 1ዮሓ 4፡1-10፥ ግ.ሓ.5፡34-ፍ፥ ዮሓ 3፡1-21።

ምስባክ፡ሐወጽከኒ ሌሊተ ወፈተንከ ለልብየ፥ ኣመ ከርከኒ ወኢተረክበ ዓመጻ በላዕሌየ፥ ከመ ኢይንብብ ኣፉየ ግብረ እጓለ እመ ሕያው።ንልበይ ተዓዘብካዮ ብለይቲ በጻሕካዮ፥መርሚርካንስ ገለ ክፉእ ኣይረኸብካን፥ ብኣፈይ ከም ካልኦት ሰባት ክፉእ ኣይዛረብን እየ መዝ. 17፡3።

ሰንበት ዘኒቆዲሞስ ኢና ዘኪርና ዘሎና። ኒቆዲሞስ ምሁር ሕጊ ግን ነቲ ኢየሱስ ዘስተምህሮን ዝገብሮን ዝነበረ ብግዕዶ ርእዩ ዝኣመነ ኢዩ። ጉዕዞ እምነት ንበይኑ በቲ ዝሰምዖ ዝነበረን ዝርኣዮን እዩ ጀሚርዎ፥ ነቲ ዝነበሮ እምነት ከረጋግጽ ኢሉ ኸኣ ኣብ ኢየሱስ ብለይቲ ኣብ ጽምዋ ክምሃር ክፈልጥ ኢሉ መጺኡ። መምህር ብጀካኻ እቲ ኣምላኽ ምስኡ ዘኾነ ሰብ ነዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ተኣምራት ኪገብሮ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን እሞ ንስኻ መምህር ኴንካ ኻብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ ንፈልጥ ኢና በሎ። እዚ ብለይቲ ምምጽኡ፥ መጀመርያ ኣባል ቤት ምኽሪ ኣይሁድ ስለ ዝነበረ፥ ዝነበሮ ሓላፍነትን ክብርን ምስ ኢየሱስ ብግሁድ ክራኸብ ኣየፍቅደሉን ነሩ ስለዚ ብሕቡእ ክረኽቦ ወሲኑ። ካልኣይ ንኢየሱስ ብጽምዋ ንበይኑ ዝደለዮ ክዕልል ኢሉ ካብቲ ኣብ ውሽጡ ዝሰምዖ ጸልማት ወጺኡ ኣብ ብርሃን ክኣቱ ስለ ዝደለ ብለይቲ ኣብ ኢየሱስ መጺኡ። ንኢየሱስ ንበይንኻ ክትረኽቦ ክተዕልሎ ምኽኣል ጸጋ ብርሃን እዩ፥ ኒቆዲሞስ ነዚ ጸጋ ኣብ ግብሪ ርእይዎ።

ካብ ሕይወት ኒቆዲሞስ ብዙሕ ነገራት ኢና እንምሃር፡

- ኣብ ኢየሱስ መጺእካ ምኽኣል። ካብ ዘሎናዮ ኣብ ኢየሱስ ገጽና ክንጉዕዝ ክንክእል ኣሎና። ግላዊ ውሳኔ የድልየና ነቲ ኣምላኽ በብዕለቱ ዝገልጸልና ኣለሊና ኣብኡ ክንምለስ እሞ ምስኡ ክንራኸብ ይግባእና። ነቲ ጎልቢቡ ዝሕዘና ጸልማት ክቕንጠጥ ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ይግባእ። ከም እንድርያስ ሓዋርያ ንመድኃኒ ረኺብናዮ ክንብል ክንክእል ኣሎና።
- ንኢየሱስ ኣብ ጽምዋ ምርካቡ፡ ጫውጫውታ ኣብ ዝበዝሖ ክንሰምዕ ክነስተውዕል ይኸብደና እዩ፥ ስለዚ ብለይቲ ይኹን ብቀትሪ ኣብ ጽምዋ ንኣምላኽ ክንረክብ ጊዜ ክንውስን ኣሎና። ነበይነይ ምስ ኣምላኸይ ክዛረብ እደሊ ኣሎኹ ኢልና ክንረኽቦ ክንዛረቦ። እዚ እዋን ጾም ፴ ፍሉይ እዋን ጽምዋን ንኢየሱስ ብግልና ክንረኽቦ ዝዕድም ፍሉይ እዋን እዩ።

- ንኢየሱስ ኩሉ ዘጸግመና ገሊጽና ክንክእል አሎና። ዓቕምና አፍልጦና ከምኡ እንነብሮ ዓለምና አብ ጉዕዞ ሕይወትና ክበድ ይፈጥረልና እዩ ስለዚ ሎሚ ነቲ ንአምላኽ ከይንርኢ ከይንቐርብ ከዊሉና ዘሎ ሒዝና ናብ ኢየሱስ ንቕረብ። ንሱ ሓቅን መገድን ሕይወትን ስለ ዝኾነ ክመርሓና ክነግረና እዩ ግን መጀመርያ አብኡ ንቕረብ።
- ንሓቂ መስኪርካ ምኽአል። ኒቆዲሞስ አብ ኢየሱስ ሓቂ ርእዩ ስለ ዝኸአለ ብለይቲ አብኡ መጺኡ፥ ዝያዳ ክፈልጥ ዝያዳ አብ ሓቂ ክነብር ስለ ዝደለ። ሓቂ አብ አምላኽ ጥራሕ እያ እትርከብ። ንሓቂ ክትረኽባን ምስ ረኸብካያ ክትዕቅባ ቀሊል አይኮነን። ብዙሓት ሰማዕታት ሕይወቶም ዝሃቡ ንሓቂ ክብሉ እዮም ስለዚ ሓቂ አብ እንደልየሉ እዋን እቲ ጉዕዞ ከቢድ ምኳኑ ፈሊጥና አብ ምንጪ ሓቂ ዝኾነ ኢየሱስ ንምጻእ።

ኢየሱስ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ዘምጽኦ ዘሕጉስ ዜናን ምንጪ ናይ ኩሉ ሓጎስ ዮሓንስ ወንጌላዊ ክገልጽ እንከሎ በቲ ሓደ ወዱ ዝአመነ ዘበለ ኵሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ አምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም አፍቀራ (ዮሓ 3፡16) ይብል።

አብ ድሕነት ክንሳተፍ ብነጻ ዕድል ይውሃበና አሎ። ክነጽጎ ወይ ክንቅበሎ ናይ ነፍሲ ወከፍና ነጻ ውሳኔ እዩ፥ ዝኾነ ተጽዕኖ ወይ ምግዳድ የብሉን። አብዚ ዝውሃብ ዕድል ክገልጽ እንከሎ አብኡ ዝአምን ዘበለ ኵሉ ክድኅን እምበር ክፈርድ ኢሉ አይኮነን ይብል። አብዚ ጊዜ ጾም እዚ ጸጋ እዩ ተዋሂቡና ዘሎ ንዅሉ ዝአምን ዘበለ አምላኽ ጸግኡ ክህብ/ክዕድል ድላዩ እዩ። እቲ ዘገርም ብዛዕባ እዚ ጸጋ ወላ እኳ ንአምላኽ ክገልጾ ብዘይመጠን ዓቢ ዋጋ ዘለዎ ይኹን እምበር ንኹልና ብዘይ ሓደ ግብሪ ብነጻ እዩ ዝውህበና። ህያብ አምላኽ ብነጻ ዝተዓደልናዮ ክቡር ዋጋ ዘለኦ እዩ። እምብአር ጉዳይ ድሕነትና ፍረ ከምዘለኦ ክግለጽ ሓደ ነገር የድሊ። ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ አቢሉ ዝተዋህበና ፍሉይ ህያብ አምላኽ እናአመስገና ክንቅበሎ። ጊዜ ጾም ፴ ነዚ አፍደገ ድሕነት ይኸፍተልና ስለ ዘሎ ክንቅበሎ ስንድዋት ክንከውን አሎና። አብኡ ክንአምንን ጽቡቕ ሕይወት ክነብር ስንድዋት ክንከውን አሎና።

ብርሃን ናብ ዓለም መጸ ደቂ ሰብ ግና ግብሮም ክፉእ ስለ ዝኾነ ካብ ብርሃን ጸልማት ፈተዉ (ዮሓ. 3፡19) ። አብዚ ቃል ኢየሱስ እንርእዮ ነፍሲወከፍና ካብ መገዲ አምላኽ ከም እንወጽእ አሚና አብኡ ክንምለስ ጌጋና ክንእመን እሞ አብ ብርሃኑ ክንምለስ እዩ ዘዘኻኽረና ዘሎ።

አብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ሓደ መዓልቲ ንጉሥ ፍረደሪክ ዳግማይ ናይ ፕራሻ (ጀርመን) አብ በርሊን ቤት ማእሰርቲ ይበጽሕ ነሩ። ብዙሓት ካብቶም እሱራት ነዚ ዕድል ተጠቒሞም እናተደፋፍኡ ጉዳዮም ክርአየሎም አብ እግሩ እናወደቑ ይልምንዎ ነሮም፥ ሓደ እሱር ግን አብ ሓደ ኵርናዕ ኮፍ ኢሉ ነሩ። እዚ ነቲ ዝርኢ ዝነበረ ንጉሥ ገሪምዎ። ንጉሥ አብቲ እሱር ዘለዎ ቅርብ ኢሉ እንታይ ስለ ዝገበርካ ኢኻ አብዚ ተአሲርካ ዘሎኻ እናበለ ሓቲትዎ። ብረት ተጠቒምካ ሰሪቕካ ዝብል እዩ ጎይታይ እናበለ መሊሱ። እቲ ንጉሥ እሞ ፈጺምካዮ ዲኻ ኢሉ ሓተቶ? እወ ጎይታይ ብዝገበርክዎ ኸአ ክቕጻዕ ይግብአኒ እዩ እናበለ እሱር መሊሱ። እቲ ንጉሥ ሽዑ ነቶም ሓለውቲ ነዚ በደለኛ ሰብ ካብዚ አውጽእዎ ነዞም ኩሎም አብዚ ዘለዉ ንጹሓት ከበላሹ አይደልዮን እየ ኢሉ ካብ ቤት ማሕቡስ አውጺእዎ ይብሃል።

ጌጋና ምስተአመና ጥራሕ ኢና ክሕደገልና ዝኽእል። ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ተስፋ ዝህብ አብ ቅ. መጽሓፍ እንረኽቦ ኃጢአትና እንተ ተናዘዝና አምላኽ እሙንን ጻድቕን ስለ ዝኾነ ንኃጢአትና ይቕረ ኪብለልና ካብ ኵሉ በደልናውን ኬንጽሓና እዩ (1ዮሓ 1፡9) ዝብል እዩ። ብኃጢአትካ ምንሳሕ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ከም ብሓዲስ ከም እትውለድ ምኳኑ አብ ናይ ሎሚ ወንጌል

ተጠቒሱ ንረኽቦ። ብኸምዚ ጥራሕ እዩ ኸአ ንመገዲ ጸላም ሓዲግና ኣብ መገዲ ብርሃን ክንአቱ እንኽእል።

ሓደ ንመገዲ ኣምላክ ዝነጽግ ንጸላም እዩ ዝመርጽ ካብ ብርሃን ይሃድም። ንርእስና እሞ ምስ ሕያዎትን ቅኑዓትን ሰባት ኣወዳዲርና ንርአያ ሽው ድኽመትና ሕመቕና ክንርኢ ክንክእል ኢና። ሓደ ኣልሲቢያደስ ዝብሃል ዓርኪ ሶቕራጠስ ግሪኻዊ ፍላስፉ ጸጸኒሑ ክሓርቕ ከንጸርጽር ይርአ ነሩ ከምዚ እናበለ ኸአ ተዛሪቡ ይብሃል ሶቅራጠስ እጸልኣካ እየ ምኽንያቱ ኩሉ ጊዜ ክረኽበካ እንከሎኹ ንርእሰይ ከምዝርኢ ትገብረኒ ኢልዎ ይብሃል። ሓደ ኣብ ሕማቕ ነገር ዝተጸምደ ሰብ ዝኾነ ብርሃን ንግብሩ ዝገልጽ ኣይደልን እዩ፥ እቲ ጽቡቕ ዝገብር ሰብ ግን ኣብ ብርሃን ክወጽእ ኣየሰክፎን እዩ ግብሩ ቅኑዕ ስለ ዝኾነ።

ሓደ እዋን ሓደ ኣርቲተክት (architect) ናብ ፕላቶ ግሪኻዊ ፍላስፉ ቀሪቡ ሓደ ገዛ ውላ ሓደ ክፍሉ ክርአ ዘይክእል ክሃንጽ ከምዝኽእል ሓበሮ ይብሃል። ፕላቶ ከአ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ክርአ ከም ዝክእል ገርካ እንተ ሃነጽካ ዕጽፊ ክኸፍለካ እየ ኢልዎ ይብሃል። ሕማቕ ግብሪ ጥራሕ እዩ ክርአ ዘይደለ ከምኡ ካልእ ክርእዮ እውን ዘይደሊ። ንኢየሱስ ከም ብርሃና ክንቅበሎ እንተ ኸኣልና ሕይወትና ክቕይረልና እዩ። ኣብ ኢየሱስ እንተ ቐሪብና ምስኡ እንተ ኣዕለልና ነዚ ዝስዕብ ክንቅበል ኢና፡

- ምስ ኣምላኽ ሰላም ክህበና እዩ። ኣዳም ሕጊ ኣምላኽ ምእዛዝ ምስ ኣበየ ካብኡ ሃዲሙ። ቃኤል ንሓዉ ምስ ቀተሎ ንኣምላኽ ስለ ዝፈርሐ ንርሑቕ ዓዲ ሃዲሙ፥ ነገስታት እስራኤል ኣብ ኣምልኾ ጣዖትን ዝርጋንን ምስ ኣተዉ ንነብያት ኣምላኽ ነቶም መልእኽቲ ኣምላኽ ዘምጽኡ ዝነበሩ ክርእይዎም ይደልዩ ኣይነበሩን። እምብኣር ኢየሱስ ሎሚ ነዚ መንፈስ እዚ ክንስዕር ይደልየና ኣሎ። ንኣምላኽ ነቲ ፈቃር ኣቦ ዝኾነ ክንረኽቦ ይደልየና ኣሎ ሽው ደቂ ቤት ክንከውን ኢና። ሰላም ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ዝርከብ።
- ምስ ሰባት ሰላም ክህበና እዩ። ኃጢአትና ስለ ዝተሓድገልና ንሕና እውን ክንሓድግ ኣሎና። በደል ሰባት እንተ ሓደግና ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮም ገርና ክንርእዮም ኢና። ነዚ እንተ ገበርና ደቂ ሓንቲ ስድራ ብፍቕሪ ዝተጠርነፍና ክንከውን ኢና። እዚ ጥራሕ እዩ መልሲ ነዛ ተረቢሻ እንርእያ ዓለምና፥ ሃገርና ሕብረተሰብና እቲ ሓቂኛ መልሲ ክህብ ዝኽእል።
- ኣብ ውሽጥና ሰላም ክህበና እዩ። ሰብ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ንርእሱ እዩ ዝፈርሕ። ድኽመታትና ንፈልጥ ኢና፥ ናይ ገዛእ ርእስና ብርታዔ ፈተና ንፈልጦ ኢና፥ ክንገብሮ ዝግብኣናን ናይ ገዛእ ርእስና ዘድሊ ነገራት እውን ንፈልጥ ኢና፥ ነዚ ኹሉ እናፈልጥና ከም ዘይፈለጥና ኮና ዝጥዕመና ዝበልናዮ መሪጽና ክነብር ንፈቱ። ብዙሓት ሰባት ካብ ገዛ ርእሶም ክሃድሙ ኣቋራጭ መገዲ ይመርጹ ግን ኩሉ ዝገብርዎ ዝመረጽዎ ግዝያዊ እዩ። እቲ እንኮ መፍትሒ ናይ እዚ ኹሉ ንኢየሱስ ክርስቶስ ምቕባልን ከም ዋሓስና ከም ሓጋዚና ምቕባሉ ሽው መገድና እናጸረግና ክንጉዓዝ ይግባእ። ንሓደ ነገር ከምቲ ኣብ ቅድሚ ሰባት ክንገብሮ ዘይንደሊ ነበይንና እውን ክንገብሮ ከምዘይግብኣና ንግበር። እዚ ሓደ ንእሽቶ ነገር ኣብዚ እዋን ጾም ፷ ከም ደቂ ብርሃን ክንገብሮ ዝግብኣና እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ሰብ ኤፌ 2፡4-10 ዘዀኽር ቃላት ንረኽበላ። ኣምላኽ ኣብቲ ሕማቕ ኩነታት ኣብ እንርከበሉ እዋን ከድሕነና ክዕረቐና ክንምለሶ ይደሊ። ንኣና ብበደልና ምዉታት እኳ እንተ ነበርና ምስ ክርስቶስ ሕያዋን ገበረና፥ ብጸጋ ኢኹም ዝደኃንኩም (ኤፌ 2፡5) ይብል። እዚ ኹሉ መግለጺ ፍቕርን ምሕረት ኣምላኽን እዩ። ልዕሊ ኹሉ ዝገልጾ ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ተግባር ክርአ እንከሎ እዩ። ብግብርና ዘተዋህበና ኣይኮንነን ባዕልና ንርእስናእውን ክንሕግዝ ኣይንኽእልን

ኢና። ኣብዚ ናይ ኣምላኽ ጸጋን ዕብየት ግብሩን ንርኢ። ፍቕሪ ኣምላኽ ብኩነታትና ኣይውሰንን እዩ። ኣባና ጽቡቕ ነገር ስለ ዘሎ ኣይኮነን ዘፍቅረና። ብኣንጻሩ ንሱ ዘፍቅረና ኣብኡ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ዘበለ ስለ ዝርከብ እዩ።

ሎሚ በቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ሰናይ ነገር እናተሓጎስና እንከሎና ክነስተውዕለሉ ዝግብኣና ነገር ኣሎ። እሞኸ እንታይ ንበል፡ ጸጋ ምእንቲ ኺበዝኀሲ ኃጢኣት እናገበርናዶ ንንበር ብርግጽ ከምኡ ኣይኮነን፥ ምኽንያቱ ንዝኾነ ነገር ተዋሂቡና ንዘሎ ከም ግብኡ ወይ ከም መሰል ገርና ክንርእዮ የብልናን። ክንጻወቶ ወይ ክነበርክቶ ዝግብኣና ግደ ኣሎና። ጸጋ ኣምላኽ ክንድኅን ተዋሂቡና ኣሎ፥ ግን ክንቅበሎ ክንደልዮ ኣሎና፥ ንዝኾነ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ካብ ምቕባል ደው ከብለና ዝኽእል ነገር ደው ክነብሎ ኣሎና። ጳውሎስ ምስ ኣምላኽን ምስ ክርስቶስን ዝህልወና ርክብ ክገልጽ እንከሎ ንሕና ነቲ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ዘዳለወልና ሠናይ ተግባራት እናፈጸምና ምእንቲ ኽንነብር ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝፈጠረና ፍጡራት ኣምላኽ ኢና (ኤፌ 2፡10) ይብል። ጳውሎስ በዚ ደው ኣይብልን እዩ፥ ኣምላኽ ስለምንታይ ከምዝፈጠረና ክገልጽ እንከሎ ከምቲ ንሱ ካብ መጀመርያ ዝደልዮ ጽቡቕ ሕይወት ክነብር እዩ። እሞ ነዚ ኣምላኽ ዝደለዮ ጽቡቕ ሕይወት ንነብሮ ዘሎና?

ብርግጽ ጸጋ ብምልኡ ብክርስቶስ ተዋሂቡና እዩ። እንተኾነ ነቲ ጸጋ ብምልኡ ክንቅበሎን ኣብ ድሕነት ምሉእ ሱታፌ ክህልወና ካብ መጀመርያ ክንፍጠር እንከሎና ክንገብሮ ዝተባህለና ክንገብር ኣሎና። እምብኣር ነዚ ዕድል ተጠቒምና ኣብዚ ቅዱስ እዋን ጾም ፵ ሕይወትና ክንቅይር ኣብ ኢየሱስ መድኃኒና ንምጻእ። ነቲ ካብ መጀመርያ ክንፍጠር እንከሎና ክነብሮ ዝተደለ ሕይወት ንንበሮ ካብ ኣምላኽ ኣይንፈለ ኣብኡ ገጽና ክንመጽእ ንጽዓር፥ ከም ኒቆዲሞስ ኣብቲ ኢየሱስ ዘለዎ መጺእና ጸገምናን ንሱ ካባና ዝደልዮን ንሕተቶ ክምልሰልናን ክህበናን ከአ እዩ።

ንኒቆዲሞስ ዝሰምዐን ዝተቐበለ ኣምላኽ ሎሚ ንነፍስወከፍና ኣብኡ እንቐርበሉ ጸጋን ኃይልን ይዓድለና ጸሎትናን ሃረርታናን ከአ ክሰምዓና እዩ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ